## መበል 25 ዓመት ፈቲቫል ካሰል

መፈልርምታኡ ኣብ ድራይ ኣይሽ ሚልሃይም ቀጸለ ድማ ኣብ ካስል ካስል እዛ ዓባይ ጽላል።

ካስል፡-
እንቃዕ ኣብቀዓና
እንቃዕ ኣብቀዓኪ
ካብ ኦኣመት ናብ ዓመት
ደኺመ ከይበልኪ
መርሓባ ትብልና ደኺመ ከይበልኪ።

ምስ ታሪኽና ኩሉ ባህልና
ናፍቖትና ኩሉ ድለታትና

ሓንጎፋይ ንዑ ናባይ
እነሆልኩም እቲ ሽሻይ
ገዛኹም ኢዩ ገዛይ
ንቕሖ ዕበይሉ
ዲሞክራሲ ንምንዳይ።

ካስል፡-
ክምስለኪዶ ከም ኣደ ኣብ ዓቢ ደንበ
መጋርያ ኣጉዳ ንደቃ ትጽበ

ካስል ሞያኺ ክምለስ
ክጽሓፍ ከይሃሰስ
ክቕረጽ ከይበርስ

ታሪኽ ክስነዶ
ንቖጻሊ ወለዶ።

ንግደትዶ ክብለኪ
ንግደት ናይ ኤርትራ
ምስ ብጾት ተራኺቢ
ካብ ዝመጽእዎ ስፍራ።

ካስል፡-
እሸትተኪ ኣሎ ዓወት
ንህዝቢ ኤርትራ ሓዲሽ ሂይወት
ይረኣየኪዶሎ እዚ መጻኢ
እዚ ውጹዕ ህዝቢ ሓርነት ክርኢ።

ካስል፡-
ትፈልጥዮ እንድኺ
ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ
ዕሽላት ሰዊኡ ኣሕሊፉ መከራ
ንስደት ተቓሊዑ እቲ ሕሱም ናብራ
ሕጂ ድማ ዝበኣሰ
ምስ በዓል ኣንቀራ።

ካስል፡-
ብናጽነት ኤርትራ’ውን ብዙሕ ተሓጉስኪ
ብሓደ ሽነኽ ከኣ ቁሩብዶ ፈሪድኪ
እዞም ዓመት ዓመት ዝነግዱኒ
ከይገድፉኒ ደኣ ይኽደነኒ !
እንተኾነ ጽቡቕም ኢየ ዝምነ

ዓዶም ይሕሾም ይትረፈኒ ኣነ።

ካስል፡-
ድሕሪ ናጽነት'ውን
19 ዓመት ኣቑጺርና
ንዓመታ እዚ እዋን'ካ
ከነሕልፎ ኢና ኣብ ዓድና።

ዓድና፡-
ዓድና ዲክታቶር ወኒንዋ ገቢሉ
ብዘይካይ ዋላ ሓደ የለን ኢሉ
ኣነ ኢየ ፈራዲ ሓራዲ
ትንቢቱ ኣርእዩና እቲ ጌጋ መንገዲ።

ዔብ፡-
ኣይለበምካን ኢሳያስ
ድሌት ህዝቢ ኣርዊ ይኣኽለካ ሎምስ
ግደፉ እዛ ስልጣን በዚሐ ሕምስምስ
እዚ ትኩር ህዝቢ ኣቢልኩሞ ርምስ።

ታርኽ ዘይመሓይሽ
ዘይጥፍእ ዘይበርስ
ብጽሑፍ ክቅረጽ
ክንገር ክሙገስ
ኣይበደለን እዚ ህዝቢ
ኣይተብሎ ጎሰስ።

ጎሰስ፡-
ኣካይዳና ኣካይዳ ኣባ ጎቢየ
ከየዕረፈ እግሩ ብንጉሁ ተላህየ

ህዝቢ ኤርትራ ግን
እናኸኣለ ከጎዪ
ንደቁ ኣሕዲካ ገካዮ በኻዪ
ሃገሩ ገዲፉ ስደት ኣናዳዪ።
ዘሕዝን ኢዩ፡-
ኣብ ብሩሰል በልጁም
ሓደ ካብ ሓዋርያታቱ
ስደተኛታት የብልናን
ክብል ኢዩ ሞጊቱ።

እዋይ ዘረባ!
ኪድ እባ ረኣዮሱዳን ሽመልባ
ህጻናት መሊኡ እቲ ዛሬባ
ብመንእሰይ ተሰኒዩ እቲ ኣኸባ፡
ሽማግለታት እውን ብዕድመ ዝደፍኡ
ሎሚ ዶታ ካብ ሃገሮም ምጠፍኡ።

ዘራይ ህዝቢ፡-
መን ኢዩ ዝዘርየሉ ነዚ ህዝቢ
ንገሩኒ እስከ ልብኹም ይዓቢ !

እቲ ልበይ ዝብሎ
ኣነ ክነግረኩም

ፈትሊ ምስ ዝሓብር
ኣንበሳ ይኣስር።

ኣብ ትሕቲ ጽላል ኪዳን
ሃገራዊ ዋዕላ ብጽንዓት ምኽንዋን።

ንሱ ይመስለኒ ዝወቅዖ እቲ ሽቶ
እቲ ጽቡቕ ድሌት ልብኹም ዘይስሕቶ
ኢድ ንኢድ ንተሓሓዝ ሃየ ነዐውቶ።

ክብርን ዝኽርን ንኹሎም ስዉኣትና
ዓወትን ሞጎስን ንህዝቢ ኤርትራ
*ኣሜን !*

*ኣበባ ዮውሃንስ / ሆላንድ/*